# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.307 | ሓሙስ 24 ነሓሰ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ክብሪ "ግዜ" ብዝግባእ ዘኽበረ ቤት-ጽሕፈት



ገጽ 3
ሓንቲ ስእሊ - ባሕሪ ዛንታ




ገጽ 5



ምዕራፍ እተን ቀለቤት
...

ገጽ 6
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 11
ኤርትራውያን ኣትለታት ምድላዋተን ኣጻፊፈን




# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ሚ/ጉዳያት ወጻኢ ሪ/ቤላሩስን ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ዘትዮም



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ፍርቂ መዓልቲ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ቤላሩስ - ሰርጌ ኣለይኒክ ተራኺቦም፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ዘትዮም።

ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ዝተኻየደ ርክቡ፡ ሚኒስተር ሰርጌ፡ ኤርትራን ቤላሩስን ተመሳሳሊ ሓባራዊ ታሪኽ ከምዘለወን ብምጥቃስ፡ ዝመጽእ ወርሒ መስከረም መበል 25 ዓመቱ ዝመልእ ምምስራት ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት፡ ናብ ተጨባጢ ናይ ምትሕግጋዝ መድረኽ ንምስግጋሩ ብወገን ሃገሩ ዘሎ ድልየትን ድልውነትን ኣረጋጊጹ።

ሃገሩ ኣብ ኢንዱስትሪ ብሓፈሻ - ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ ድማ ብፍላይ ኣጥርያቶ ዘላ ዓቕሚ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጽላት ዕደና ዘለዋ ሃብታም ተመኩሮን ፍልጠትን ምስ ኤርትራ ንምልውዋጥ ቅርብቲ ምዃና ብምርግጋጽ፡ ነዚ ንምስላጥ ብደረጃ ላዕለዋይ ጸፍሒ ምብጽጻሕ ክካየድ ከምዘድሊ ኣዘኻኺሩ።

"ንግዳዊ ዕድላት ንምድህሳስ'ውን ምስ ኤርትራ ብጥቡቕ ክንሰርሕ ንደሊ ኢና" ዝበለ ሚኒስተር ሰርጌ፡ ቤላሩስ ኣብ'ቶም ብሓባር ዝለለዩ ዓውድታት ትምህርቲን ስልጠናን ንኤርትራውያን ዕድላት ከምእትህብ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ርክብ ኣብ መጻኢ ንዝካየድ ምትሕግጋዝ ብምጥቃስ፡ ሚዛናዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምስፋን ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ብመንገዲ ብሪክስን ካልእ ኣማራጺታትን ብሓባር ምስራሕ ከምዘድሊ ኣገንዚቦም።

ኤርትራ ኣብ መዳያት ሕርሻ፡ ጸጥታ፡ ቴክኖሎጂ፡ ዕደናን ካልእ መዳያትን ምስ ቤላሩስ ሓባራዊ ፕሮጀክትታት ንምብጋስ ዘለዋ ድልውነት ብምግላጽ፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ኣብ ቀረባ ግዜ ከምእትልእኽ ኣረጋጊጾም።

ሚኒስተር ሰርጌ፡ ሃገሩ ንልኡኽ ኤርትራ ብሓጎስ ከምእትቕበሎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ ብወገን ኤርትራ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣቶ ሳልሕ ዑመርን ተሳቲፎም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ልኡኽን፡ ኣብ ሰዓታት ድ.ቀ. ናብ 'ሶዌቶ' ብምግዓዝ፡ ነቲ ብዘዝበኑሉ ብያታዊ ጸወታ ዝተሰነየ ኣቀባብላ - ቤተ-መዘክር ኔልሰን ማንዴላ፡ ታሪኻዊ ህንጻታትን ህዝባዊ ዕዳጋን በጺሖም።

ካብ ጆሃንስበርግ 40 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ 'ሶዌቶ'፡ ስርዓት ኣፓርታይድ ኣብ 1976 ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ሰላማውያን ደቀ-ባት ህልቂት ዝፈጸመላ ታሪኻዊት ከተማ እያ።

# መጓዓዝያ ሓራት፡ ኣስመራ - ዓዲ-ፈለስቲ መስመር ከፊቱ

ኩባንያ መጓዓዝያ ሓራት፡ ካብ ኣስመራ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፈለስቲ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ ሓድሽ መስመር ከፊቱ - ብ20 ነሓሰ ኣገልግሎት ጀሚሩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ዝተረኽበ ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ ሓራት ኣቶ ንጉሰ ገረዝጊሄር፡ እቲ 36 ኪሎ-ሜተር ዝንውሓቱ ሓድሽ ጽርግያ - ምሩጽ ሓመድ ስለዝተዘርጋሕ ስለዝተጎበረሉ መስመር ክኸፍቱ ከም እተተባብዖ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ መስመር ዝተመደበት ኣውቶብስ፡ መዓልታዊ ኣገልግሎት ጀሚራ ከምዘላ፣ ታሪፍ ድማ ካብን ናብን ኣስመራ - ዓዲ-ፈለስቲ 20 ናቕፋ ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ንጉሰ፡ ብዝሒ ዓድታትን ተጠቀምትን ህዝብን ተራእዩ ኣውቶቡስ ክትውሰኽ ከምዘኽእል ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት፡ 13 ዓድታት ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ኣገልግሎት ምዃነን ኣረዲኡ፡ ነርቲ፡

ነቲ መስመር ክከናኸንዎ፡ ኣብ ዝበላሸወሉ እዋን ብወፈራ ክጽግንዎ እውን ኣዘኻኺሩ።



# ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ኣብ መንደፈራ ሰሚናር ኣካዩዱ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ኮሎኔል ዘሚካኤል ተኽሊት፡ ብ18 ነሓሰ - ንኣባላትን ሰራሕተኛታትን ንኡስ ዞባ መንደፈራ፣ ርክብ ህዝብን ፖሊስን ብምሕያል ገበናትን በደላትን ንምንካይን ገበነኛታት ኣብ ሕጊ ንምቕራብን ዝዕላማኡ ሰሚናር ኣካዩዱ።

ኮሎኔል ዘሚካኤል፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ 617 ገበናትን 1439 በደላትን ከምእተመዝገበ ብምጥቃስ፡ ንቕሓት ብምብራኽ ንምክልኻሉ ዝግበር ጻዕሪ ኣተባብዒ ውጽኢት ይህብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ምስ ወቕቲ ክረምት ብምትሕሓዝ ኮሎኔል ዘሚካኤል፡ ቁልዑ ኣብ ዲጋታት ዘካይድዎ ናይ ምሕንባስ ንጥፈታት ምክትታል ክግበረሉ፡ ወለዲ ደቆም ዝውዕልሉ ከባቢታት ብንጹር ክፈልጡን ክምኽሩን ኣተሓሳሰቡ።

ሓደጋታት ተሽከርከርትን ሳዕቤናቶምን ብዝምልከት፡ 161 ሓደጋታት ከምዝጋጠመ - ከም ሳዕቤኑ ከኣ 6 ዜጋታት ሞይቶም 125 ከምዝቖሰሉ፡ ኣብ ንብረት ልዕሊ 2.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዘወረደ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ፡ ሓደጋ ዘውርድ ዘሎ ክፉት ዒላታትን ዲጋታትን ቁላሕታ ክግበረሉ፣ ኣብያተ-መስተ ንትሕቲ ዕድመ ከየእንግዱ ቁጽጽር ክግበረለን፣ ኣብ ጉደናታት ከተማ መንደፈራ ዝርከብ መሳገሪ ኣጋር ክሕደስ ተላብዮም።

# ርእይቶ

ሸዊት ገብረብርሃን
ወ/ኣ/ዜ ዞባ ደቡብ

ወዲ ሰብ፡ ከም ልምዲ ምዕቡል እንስሳ እናተባህለ እዩ ዝጽዋዕ፡፡ መዓስ ይድቅስን ይትንስእን፣ መዓስ ዝብላዕ ደብልዕን ዝስተ ደሰትን፣ መዓስ ኣመት ነብሱ ይገብር. . . ስለዝፈልጥ ግን ኢየትሃን፡፡ ዝስ ዋላ እቶም

እምብኣርከስ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ንሎሚ ክሳልየኩም ተበጊሰ ዘለኹ - ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ተኣታትዩ ምስ ዘሎ፡ ነቲ ሕልና ዘለዎ ብግዜኡ ኣትዩ ከም ሕልናኡ ንኽሰርሕ፡ ነቲ ሕልና ዘይብሉ ድማ ባቡር ብዘይ ሓዲድ ስለዘይትገዓዝ - ሕግን ስርዓትን ኣልቢሱካ ግቡእ መስመሩ ንምትሓዝ ዝሰርሓሉ ዘሎ መቈጻጸሪ ሰዓታት ሰራሕተኛታት - ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ክኸውን እዩ፡፡

ልዕሊ 200 ኣባል ሰራሕተኛታት



እንስሳታት ዘቤት ይኹኑ ናይ በረኻ እውን ዘይስሕትዎ ማስርሕ ሂወት እዩ፡፡

ንወዲ ሰብ ምዕቡል እንስሳ ዝብሎ፡ “ሕልና” ዝበሃል ወሻጣዊ - ዘይግለጽ ነገር ዝተዓደለ እንኮ ፍጡር ናይ'ዛ እንኮብረላ ዘሎና ዓለም ብምዃኑ እዩ፡፡

ሕልናና ግን ንጥቀመሉን ኣይንጥቀመሉን ኣብና ኣብዞም “ሰብ” ብዝብል ስም እንጽዋዕ ዘሎና ፍጡራት ናይ'ዛ ምድሪ እዩ ዝምርኮሶ፡፡

ሕልና ስለዘሎና ግን፡ ሕግን ስርዓትን ኣብ ሃገራት ብኣውራኡ ኣብ ዓለም ኣይመድለየን - ብማለት ክትርጎም ዝኽእል ኣይኮነን፡፡ ከም'ዚ ተጠቂሱ ዘሎ፡ ዝጥቀመሉን ዘይጥቀመሉን፡ ብሕልናኡ ዝግዝእን ዘይግዛእን ማእለያ ዘይብሉ ሰብ ስለዘሎ፡ ሓንቲ ሃገር ናታ ዝኾነ ሕግን ስርዓትን ከተቐውም እንክላ፡ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ናይ ስድራቤታ፡ ከቢ. ናይ ከባቢ. . . ከምኡ እናበለ ቤት-ጽሕፈት እውን ናይ ቤት-ጽሕፈታ ሕግን ስርዓትን ከተውጽእ ትግደድ፡፡ ባህሊ ስራሕ ድማ እናማዕበለ ይኸይድ፡፡

ዘለዎ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ብዕድመ ኣቦታትን ኣዴታትን መንእሰያት፡ ከምኡ'ውን ቁልዑ ዝሓዘለ ኣዴታት - ልክዕ ሰዓት 7:00 ናይ ንጉሆ ብዋሕዚ ናብ ቀጽሪ'ቲ ህንጻ ክኣትዉ እንክለዉ ዝረኣየ ጋሻ - ከመይ ደስ ክብሎ ይኽእል ይመስለኩም!! እዚ ከኣ፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ብዘይ ሓለፋ-ዘለፋ ንዋላ ካልኢት እውን ትኹን ዘይተኣንገል ንቡር - ዝተራዕመ ምንቅስቓስ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ናይ ቤት-ጽሕፈት ስርዓት ንኽምላእ ተባሂሉ ንዝተዳለወ 10:00 ደቓይቕ ዝተወሰኸ (ክሳብ 7:10) ዝጸንሕ ናይ “ምፍራም” ግዜ ንምኽባር እዩ'ቲ ምንቅስቓስ፡፡

ዳርጋ ኣብ ዝበዝሓ ኣብያተ-ጽሕፈት ሃገርና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝርከብ ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስቲ፡ እቲ ናይ 'ምፍራም' መስርሕ እኳ እንተሎ - ኣብ ገለኡስ ንስለ ምፍራም ኮይኑ እዩ ዝሰምዓካ፡፡ ገለ ሰባት ኣብ'ታ ጥዒማቶም ዝመጽኣላ ግዜ ናይ ምሉእ ምዕልቶም

# ክብሪ “ግዜ” ብዝግባእ ዘኽበረ ቤት-ጽሕፈት

ክፍርሙ/ክሰርቁ እንክለዉ፡ ገለ እውን ፍጹም ኣብ ዘየለዉሉ ብመንገዲ ዓርኩ መሓዛ ዘፈርሙ ኣይሰኣኑን ትብልዎም. . .? ኣለዉ'ምበር ብርግጽ፡፡

ዝተዋህቦካ መደብ ስራሕ ዕሽሽ ኢልካ ዘይትሳ መመኽንይታ ቅቡል ኣይኮነን፡፡

ኣብ መዓልታት ስራሕ ኣብ ሰዓቱ ዝኣተወ ኣባል ቤት-ጽሕፈት ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ግቡእ ስራሑ ተጸሚዱ እዩ ዝጸንሓካ፡፡ ብሰንኪ ምብኳርን ምድንጓይን ዘኽበረ ከምዘኸብር ኣሚንና ነፍሲ-ወከፍና ኣእምሮና ዘቕስን ክንገብር፡ ዝተዋህበና ስራሕ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ዛዚምና ብዘይ ስክፍታ ጻማ ኣገልግሎትና ክንገልጽ፡ ከገልግሎ ዝዀሃረናን



ውልቃዊ ዋኒንካ እናኣቐደምካ - ምኻድ ጸቡቕ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ዞባ ደቡብ ግን እዚ ዘይሕሰብ እዩ፡፡ ልክዕ ሰዓት 7:00 ንጉሆ ዝተቐረበት መፈረሚ ወረቐት፡ እቲ ዘርከብ ኣየርከበን ብቐይሕ ምልክት ይግበረላ፡ ፋዱስ ዳግም ትወጽእ - ናይ ምፍዳስ ግዜ ሰዓት 2:00ን 6:00ን እውን ከምኡ፡፡ ጥንዴራ ከየውረደ ንቤቱ ዝኸይድ ሰራሕተኛ እውን ኩቶ የለን፡፡

ካብ'ዚ መምርሒ/ሕጊ እዚ ወጺኡ ዝኸይድ፡ ምሉእ ደሞዝ ክወስድ ማለት - ዋላ ንሱ ንባዕሉ ኣይጽበዮን እዩ፡፡ ብዘይካ እተን ቅቡላት ዝኾና መወጽኢ ካርድን ደብዳበን ዝሓዘ ኣባል'ቲ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ሰዓታት ስራሕ ካብ ቀጽሪ ምውጻእ ቅቡል ኣይኮነን፡፡ ሕጊ ናይ'ዚ ቤት-ጽሕፈት ጽንዓቱ ከም ሓጺን ዝተረረ እዩ፡ ምሉእ ኣባላት ካብ ስራሕ፡ 'ጉዳይ ኣይሰለጠናን ተመላሊስና. . .' ኢሉ ዘማርር ተገልጋሊ ዳርጋ ኣይትሰምዕን፡፡ ኩሉ ኣባል ኣብ ግዜኡ እዩ ዝመጽእ፡፡

ኣብ'ዚ እምብኣር፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዋላ'ውን ሓንቲ ካልኢት ክብሪ ክትውሃባ ከምዝለዋ ክርዳእ ስለዝኾነ፡ ብሕልፊ እቶም ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካላት ተመዲቦም ዝሰርሑ መንእሰያት ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ምዃኖም መጠን፡ ግዜ ኣብ ምኽባር ኣርኣያ ክኾኑ እዩ እቲ ዝድለ፡፡

“ግዜ ምኽባር ውልቃዊ መንነትካ ምግላጽ” ስለዝኾነ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ክሰዕቦ ዘሎ 'ቁጸራ ሓበሻ' እናተባህለ ሕመቕካ ንምግላጽ ዝዘውተር ምስላ፡ ከም ኤርትራውያን ዜጋታት ንዓና ዘይምልከትን ዘይምጥንን ምዃኑ ኣሚንና ንምልዋጡ ክንተግህ፡ ስራሑ ዝኸሰሩሉናን ህዝብን ሃገርን ብስርዓት ክንምእዘዞ፡ ኣብ'ቲ ናይ መደቡ ግዜ ክንኣቱን. . .ግዴታ ከምዘሎና ምግንዛብ የድሊ፡፡

ስራሕ ክብረት እዩ፡ ብፍላይ መንእሰያት - ኑብስና ካብ ሕጂ ብናይ ስራሕ ወኒ ክትመልእ፡ ስራሕና ኣፍቅር፡ ሰዓታት ስራሕ ንሓሉ - ቤት-ጽሕፈት ዞባ ደቡብን ካልኦት ከምኣ ዝኣመሰሉ ትካላትን እውን ኣብነት እየን እሞ ንስዓበን፡፡

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተኣንፈተ፡ ወዲ ሰብ ብዛዕባ ነብሱ ክስተንትንን ክመራመርን መሚዩ ክፈርድን ሞራላዊ ግዴታ ክስምዖን ዘኽእሎ፡ ርትዓዊ ፍጡር ገይሩ ፍሉይ ሰብኣውነት ዘጥናጸፎ ባህሊ ምዃኑ - ኣብ ዓውዲ ባህሊ ዝገደሱ ሞያውያን በብእዋኑ ክዛረቡ ንሰምዖም ኢና፡፡ ምስ'ዚ ኣተኣሳሲርና እምብኣር - ባህሊ ስራሕ ነጥሩ ባህሊ ሰዓታት ምኽባር!!

# ዜና

## ማእከል - ነበርቲ ዓዲ-ገብሩ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣዘናጊዖም

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ በርኽ፡ ነበርቲ ዓዲ-ገብሩ ኣብ ከባቢኦም ስራሓት ምግራብ ዝካየዱ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ20 ነሓሰ ናይ ምሳሕን ምዘናጋዕን እንግዶት ወዲቦሞ፡፡

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጼን፡ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ሕቑፊ ህዝቡ ዝማምቑ ተወለ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝዕመም ዘሎ መደባት ልምዓት ንምዕዋት፡ ህዝቢ ኣብ ጐድኖም ከምዘሎ ኣረጋጊጹ፡፡

ኣዛዚ ናይ'ታ ኣሃዱ ካፕተይን ሰለሙን ዘሚካኤል ብወገኑ፡ መሬት ሓምላይ ንምልባስ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ ወፍሪ ምስታፎም ሓበን ከምዝስመዖም ጠቒሱ፡ ተተኽሊ ዘሎ ኣግራብ ብነበርቲ ክንክብን ሓለዋን ክግበረሉ ተላቢዩ፡፡

ነበርቲ፡ ነቶም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ስለ'ቲ ወፋይ ኣበርክቶኦም ድሕሪ ምምስጋን ዝተተኽለ ፈልስታት ክሳብ ዝዓቢ ካብኦም ዝሕተት ክንክብን ሓለዋን ክገብሩሉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም፡፡



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ሓንቲ ስእሊ - ባሕሪ ዛንታ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ዛንታ ሰባት ብዝተፈላለየ መንገዲ ይግለጽ እዩ፡ ታሪኽ ሃገርን ህዝብን እውን ከምኡ። ብሕልፊ ደማ ብዕላልን ብጽሑፍን፡ ከም ደቂ ሰብ መጠን ከኣ ከም ናይ ምዝኻር ክእለትና፡ ኣብ እእዘንትወሉ ግዜ፡ ቦታ፡ ሰባት፡ ግዜ. . . ክንርስዕ ወይ ደማ ከዘዛብዕ ዓቢ ተኽእሎ'ዩ ዘሎ። ምውሳኽ ወይ ምጉዳል ሓበሬታ'ውን ከም ንቡር ክንወስዶ ንኽእል። ብሕልፊ ኣብ እዋኑ ዘይተሰነደ ሓበሬታ፡ ናብ ሓቂ ዝቐረበ ንኽኸውን ከቢድ ጻዕሪ ከም ዘድልዮ ንማንም ክወል ኣይከኣልን። እንተ ስእሊ ግን ትኽክለኛ ቦታ፡ ሰባት ወይ ፍጡራት፡ ስምዒት. . . ብዘይጎደሎ ናይ ምግላጽ ሓይሊ ኣለዎ። ስእሊ፡ በዚ ናይ ዘበንና ቴክኖሎጂ ምምልኻዑ ወይ ምምሕያሽ (ንጸብቐ ክኸውን ይኽእል ወይ ንሕማቕ) መልክዑ እንተ ዘይቀይሩ፡ ናይ ህንጻን ሃጠን ጭብጢ ዝሓዘለ ምስክር'ዩ። ማለት፡ ኣብ ስእሊ ምሕሳው ይኸኑን ምትላል የለን።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ኤክስፖ



ካብ ዝቐረቡ ምርኢታት፡ እቲ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ዝቐረበ ምርኢት ስእሊ. መሳጢ ምንባሩ ብዙሓት ነጋድያን ካብ ዝሃቡዎ ርእይቶ ምግንዛብ ይከኣል። ስለዋኣም'ውን እዋናዊ ምርኢት ኣሳእል ክሰፍሕን ኣብ ብዓላት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልእ እዋን ክቐርብን ከም ዝጎስእ'ዩ ነይሩ።

እዛም ኣብ'ዚ ምርኢት ዝቐረቡ ኣሳእል፡ ታሪኽ መኸተ፡ ታሪኽ ጻዕሪ ታሪኽ እከይ ግብሪ ጸላእቲ፡ ታሪኽ ስጡም ጥምረት ህዝብን ሰራዊትን . . . ህዝቢ ኤርትራ ዝሓቖፈ ብምኳኑ፡ ብሓቂ ዋንኡ ህዝቢ ኤርትራ ምኳኑ፡ ኣብ'ተን ሸሞንተ ናይ ምርኢት መዓልታት ተጋሂዱ'ዩ። ዳርጋ ኩሉ'ቲ ኣብ ምርኢት ዝተሳተፈ ተዓዛቢ፡ እንተስ ብቐጥታ፡ እንተስ ብዘዘዋዋሪ ምስ ገለ'ቲ ዛንታ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ተዓዘብና። ንስድራቤታት፡ መማህርቲ፡ መተዓልምቲ፡ መሳርሕቲ፡ ደቂ ኣሃዱ. . . ብስእልን ጋህድን ዘራኸበ ህይወት ዘለዎ ምርኢት። ብዝዓብኡ ደማ ንበሲ-ወከፍ ዜጋ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ምስ ሃገሩን ጉዳይ ሃገሩን ዘለዎ ቅርበት ዘመልክት እዩ።

"እዚአ ጓለይ እያ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ሰራዊት ኢና ነይርና" ኢሉና ሓደ ተጋዳላይ ኣቦ ናብ'ታ ኣብ ዋርድያ ኮፍ ኢላ እንክላ ዝተወስደት ስእሊ. ጓለንስተይቲ እናመልከተ። "ዋእ. . . እንታይ ትብል?" በልክዎ ብድሕሪኡ እንታይ ከም ዝስዕብ ክነምት እናፈተኹ። በቲ ሓደ ወገን ደማ 'ትህሉዶ ትኸውን?' ዝብል ሰኽፍታ ነይሩኒ። ደሓን ይእቶ ግን "ኣነ ኣቐዲመ እየ መጺአ፡ ንሳ ደማ ሎምቀነ ገዛ መጺአ ነይራ" ምስ በሉ፡ ሰኽፍታይን ሰኽፍታ ብጹተይን ተቐንጢጡ። ብዝዕባኣን ብዝዕባ ገዚኡ-ነብሱን ኣዕሊልና። ጓሉ ንኹሉ ቃልሲ. መኪታ እጃማ ከተበርክት ብምኽኣላ ኣዝዩ ከም ዝሕበን ገሊጹልና።

ሓንቲ መንእሰይ'ውን ምስ'ቲ ዓጉጉ ስእሊ. ዝዕዛብ ዝበረ ህዝቢ ክትከላል ጸኒሓ፡ ኣብ ሓንቲ ኣብ ግዜ ወራር ስርዓት ኢትዮጵያ 1988 ዝተወሰደት ስእሊ. ምስ በጽሐት ደው ኢላ ብኣትኩሮ ትጥምት ነበረት። ጸኒሓ ኸኣ፡ ብዘይድምጺ ንብዓታ ጀረብረብ ከተኻብሎ ከላ ተዓዚብናያ።

እዛ መንእሰይ፡ ገለ ዝተንከፉ ዝኾነ ከም ዝሀልዋ ዘይግመት ኣይነበረን። 'እንታይ ኲን ርእያ ትኸውን?' እናበልና ተጸቢናያ። ክንፈልጥ ስለ ዝደለና ድማ ቀሪብ ምስ ተረጋገአት ተወከስናያ።

"ስወእ ሓወይ'ዩ። ሃንደበት ኣብ'ዚ ምስ ረኣኹዎ'የ ከም ገለ ኾይነ በሊትና። "ክንርመኩም ኣብ ገዛና ዋላ ሓንቲ ንመዘከርታ ዝኸውን ስእሊ. የብልናን፡ ስእሉ ኣብ'ዚ ምርኣየይ ንዓይ ፍሉይ ነገር እዩ" እውን ወሰኸት።

ቀስ ብቐስ ዕላል ቀጺልና። "ስድራ ክርኢይ ኢሉ'ዩ ካብ ደገ መጺኡ። ኣብ'ቲ እዋኑ ሻድሻይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ይብጸሱ ስለ ዝበሩ፡ ከምለስ እናተገበሩ ከሎ "ሃገራዊ ኣገልግሎተይ ወዲአ ክኸይድ ኣለኒ" ኢሉና። ካልእ መደብኡ ኣቋሪጹ ናብ ሳዋ ተበገሰ። ጉዳይ ሃገር ኩይኑ ግን ከም'ቶም ዝሓለፉ ሓሊፉ" ክትብል ምስናይ ንብዓታ ኣዕሊላትና።

ስእሊ ሓቀኛ ምስክር እዩ። ብኣዒንትኻ እትርእዮ መርትዖ፡ ኣዘንታዊ እንተ ረኺቡ፡ ባሕሪ ዝኾኑ ዛንታታት ሓዚሉ ይነብር። ቦታ፡ ኩነታት፡ ሰባት፡ ፍጻመ፡ ስምዒት. . . ኣብ ውሽጡ ኣሎ። ብፊደላት ዘይተጻሕፈ ዛንታ። ስለዝኾነ ደማ ከም'ቲ ኣዳለውቲ ናይ'ቲ መደብ "መጻሕፍቲ ኢና ኣቐሪብና ዘለና" ዝበሉዎ፡ ብሓቂ መወዳእታ ዘይብሉ ዛንታ ኣብ'ዚ ኣሳእል ተዓቝሩ ኣሎ።

ካብ ደገ ዝመጹአት መንእሰይ፡ ንስእሊ. ናይ'ቶም ኣብ ምክልኻልን ምዕቃብን ሃገር ዘለዉ መንእሰያት እናረኣየት ከሎ፡ ንብዓታ ይወርድ ነበረ። ዕድመኣም፡ ጉዕዞኦም፡ ድኻሞም፡ መውጋእቶም. . . ተዓዚቦቶ። ማዕረኡ ድማ ኣብ'ቲ ጸንኩር ግዜ ንሳ ዘይትጸበዮ ፍሽኽታ ርኢያትሎም። ኣድኒቓቶም። ነቲ ስምዒታትን ጅግንነትን ኤርትራውያን መንእሰያት ዝሓዘለ ስእሊ. ብምርኣይን ብምንባብን ጥራይ ኤርትራዊት ብምኳና ተሓቢና። እዛ መንእሰይ፡ ዳርጋ ካብ'ቲ ድምጺ. ሓንቲ ጥይት እንተ ተሰሚዑ ሃገር ምሉእ እተናውጽሉ ሰላማዊ ሃገር ዝመጸኣት እያ። ንዓኣ፡ ውጉኣት ኣባላት ሰራዊት ምርኣይ ማለት፡ ምናልባት ገዛም ኣብ ምድሪ ከም ዝወረደ ኾይኑ ይስመዓ ይኸውን።

እንታይ ከም ዘንበዐ ሓቲትናያ። "ዝም መንእሰያት ምስ ረኣኹ እየ ነቢዐ። እዞም መንእሰያት ከማኣይ እኮ'የም። ኣብ ሃገርና ወግዒ ከም ዘሎ፡ መኸተ ከም ዝቶቶድ ይንገረና እዩ። ግን ከም'ዚ ኣይመስለንን ነይሩ። እዞም መንእሰያት ጅጋኑ እዮም . . ." ክትብል፡ ፍጹም ዘይተጸበዮቶ ምኳኑ ደጋጊማ ነጊራትና። ምናልባት ውግእ ማለት ከም'ቲ ናይ ስፖርት ብኮሚደረ



ምትህርራም ዝዓይኑ፡ ገይራ ነይራ ትኸውን። ወይ እውን ከም'ቲ ብዙሕ ወጻኢት ዘይርከቦ ናይ ኣህዛብ ሰላማዊ ሰልፊ። ኣብ ዘሎዩ ሃገር ብዛዕባ ሃገራን ጅግንነት ደቂ ዓዳን ዝዘኩዋ ሰባት፡ ብልክዕ ከረድኡዋ ኣይከኣሉን ማለት እዩ። "ኣብ ሃገርና ዝቶቶድ ዘሎ ቓልሲ፡ ከቢድ ምኳኑ ሕጂ እየ ተረዲኡኒ። ኑየም ኣብኡ ዘለዉ. ብዮንቕመይ ክገልጸሎም ድልየት ኣሎኒ" ክትብል ከኣ ሓላፍነት ከም ዝስመዓ ገሊጻትልና።



ስእሊ. መቶም ካብ ኣእምሮኻ ብገውሓት ግዜ ደዩ ብኻልእ ምኽንያት ንዘሰለሰ ዝኽርታት ናይ ምዝኽኻር ሓይሉ ልዑል እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ልክዕ ቦታን ምስ ልክዕ ሰባትን ስለ ዘራኽብ።

ሓደ ተጋዳላይ "እዛ ቦታ፡ ኩሶቶ ድያ ትብሃል?" ክብል ሓቲተና። ልክዕ ከም ዝኾነት ነጊርናዮ። ኣሰዒቡ "ኣብ 1983 ካብ ባድመ ናብ ፎሮ ብእግሪ እናተጓዓዝና ኸለና፡ ብገለ ዓድታት ኣብ ዝሓለፍናሉ ህዝቢ. እንግጠዕ ሂቡና። ነዊሕ ተጓዒዝና ኣብ'ዛ ቦታ ምስ ኣዕረፍና፡ ዓምቐ እምኒ ረኺብና ነቲ እንግጠዕ ኣብኡ በጽቢጽና ተመጊብና። ዝበረና ቅጫ ውሑድ ስለ ዝበረ ግን ፍርቁ እቲ ዝበጽበጽናዮ እንግጠዕ ኣብኡ ገዲፍናዮ ጉዕዝና ቐጺልና። ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ኣብሉ ክንምለስ ከለና፡ ነቲ ጺየርናዮ ዝመጻእና ቅጫ ወዲ ዓዝር መኻፈይ ዝኸውን ዝኾነ ይኹን ነገር ስለ ዘይነበረና፡ ብጥጋይ ኣኻፊና ክንምገብ ኢልና ናብ'ቲ ሩባ ወሪድና። ሽዑ ሓደ ካብ ብጾትና ኣብ'ቲ ሩባ ምስ ኣዕረፍና፡ 'ንዑ በሉ እንግጠዕ በጺሐ ኣሎኹ ቅጫኹም ሒዝኩም ምጽኡ' ይብለና። ካብይ ከም ዝምጽኡ ሓቲትናዮ። ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ እዋን ቀሩብ ከም ዝተረፈ ነጊሩና። ምስ ዝቖረና ድኻምን ጽምኣን መውረዲ ብምርኻብና ተላገስና። ኣብ'ታ ቅድሚ 10 መዓልታት ኣብልና ክንሓልፍ ከሎና ዝተመገብናላ እምኒ ኣዳልዩዎ ጸኒሑና።

ተመጊብና ጉዕዞ ምስ ጀመርና፡ ወዮ ብጻይና፡ እቲ ገዲፍናዮ ዝኸድና እንግጠዕ ኣብ'ታ እምኒ ነቒጹ ምስ ጸንሖ፡ ከይረኣናዮ ደቀሱ ብጥጋይ በጽቢጹ ከም ዘብላዓና ነጊሩና። ዝበርም ነገር፡ እንግጠዕ ከም ተኣፋፊ መግቢ. እዩ ዝቖጸር። ኣብ ጾሓይን ንፋስን እሞ ደማ ዝኾነ እንስሳ ክለኽፎ ኣብ ዝኽእል በረኻ ጸኒሑ ክሰዉ ምስ ተመጊብናዮ ዋላ ሓንቲ ዘይምኳንና እዩ" ክብል፡ ብተመሳጦ ናይ ዝኾነ ኣዕሊሉና።

ሓንቲ ካብ ስእልታት ናይ'ቲ መርኢት፡ ብሬን ዝተሓንገጠ መንእሰይ ኣብ ጉዕዞ ከሎ እተርኢ. እያ። እዚ ኣብል ሓይልታት ምክልኻል፡ ብዙሕ ጸንኩር ኩነታት ሰጊሩ፡ ኾና እውን ኑቲ ዝቐጸል ዕማም ክፍጽም ኣብ ጉዕዞ ከሎ እያ እተርኢ። ብርግጽ ኣብ ወጅሁ ረሃጽን ድኻምን ይንበብ እዩ። እንተ ኹሉ ግን ኣብ'ቲ ኣብ



ናይ ድኻም ስምዒት ዝተሰጠፈ ሃሳስ ከምስታ፡ ዘሕልፎ ዘለቦን መልእኽቲ ኣለዎ። ኣብ ወጅሁ ርእሱእምነት ኣሎ። ጋህዲ ዝኾነ ተስፋን ሓጮን ይንበብ። በቲ ዝሓለፎ ጸንኩር ጉዕዞ ከም ዘይተሰከፈን ኣብ ዝተተለመሉ ምዕራፍ ብምብጻሕ ዕማሙ ከም ንኽፍጽም ድሉው ምኳኑን ከለንትናኡ ይዛረብ።

ብኣጠቓላሊ፡ ምርኢት ስእሊ. ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ካብ ፈለማ ምጅማር ፈስቲቫል 2023 ክሳብ ምዝዛም፡ ብመሰረት ኣዳለውቲ ዝሃብዎ ጸብጻብ፡ ኣብ ኩሉ ዕድመ ካብ ዘሎ ህዝቢ. ልዕሊ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ 20,000 ሰብ እናበጽሖ ተዛዚሙ። ካብ ተፈላለየ ሃገራት ዝመጹኡ ውሑዳት ዘይኮኑ ወጻእተኛታት እውን ብጥልቀት ተዓዚቦሞን ኣድናቖቶም ገሊጾምን።

ከም ርእይቶ ተዓዘብቲን ኣጉዳስቲ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ ኩሉ ህዝቢ. ክርእየሉ ዝኽእል ዕድላት ምጥጣሕ የድሊ. እዩ ንብል።

# ፍናዎት

ዳህላክ ነጋሲ

ቀዳማይ ክፋል

## ስንክልና ዘይዓገቶም ኣፍረይቲ ዜጋታት!

ስንክልና፡ ኣብ ህይወት ደቂሰብ ብተፈጥሮን ብሃንደበታዊ ሓደጋን ኪጋጥም ዝኽእል እዩ። እቲ ዘጋጥም ስንክልና ከቢድ ጥዕናዊ ሃሰያ ዘኸትል እንተኾይኑ፡ ብኡ መጠን ጉዕዞ ምንባር ማሰገደልን ፈተናታትን ዝመልኡ ይኾውን። ብፍላይ እቲ ስንክልና ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ዝተሓሓዝ ምስ ዝኾውን እቲ ጉዕዞ ደርብ ወጽዓ ይህልዎ። የግዳስ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ክሰምዑ ካብ ተጻብዮትን ጸግዕተኛነትን ንምንጋፍ ወርትግ ክጽዕቱ ንዕዘብ ኢና።

ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ፍናዎት፡ ናብ ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ኤርትራ ዘተኩረ ክኸውን እዩ። ኣብዚ እዋንዚ፡ እቶም ዜጋታት ብዘተፈጥረሎም ናይ ስራሕ ዕድል፡ ሞያዊ ክእለትን ባህሊ ዓያይነትን ከጥርዩ ክኢሎም ዘለዉ እዮም። እምብኣርከስ፡ ወኪል ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ኣብ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ኣቶ ዮናስ የማነ፡ ብዛዕባ እቲ ማሕበር ንስንኩላን ኣባላቱ ዝገብረሎም ደገፍ ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ እቶም ኣብቲ ታውያን መንእሰያት ድማ ብፍላይ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ዝርዝራዊ ሓበሬታ እንሆ - ሰናይ ንባብ!




ኣቶ ዮናስ የማነ

ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ኤርትራ፡ ሓሙሽተ ነጥብታት ዘጠቓለለ ስትራተጅያዊ ውጥን ብምውጻእ፡ ምሉእ-ብምሉእ ኣብ ባይታ ንኸትግበሩ ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። እቲ ማሕበር ካብ ዝተኻኽኖም ዓበይቲ ዕወታት ሓደ፡ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምርድዳእ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንዘጋጠሞም ዜጋታት፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፉን ክመሃሩን ባይታ ኣንጺፉ፤ ከምኡ'ውን፡ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምርድዳእ፡ ናጻን ቀዳምነት ዝህብን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ባይታ ኣጣጢሑ።

ብተወሳኺ፡ ምስ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ምምሕዳራትን ካልኦት ኣካላትን ብምርድዳእ፡ ኣባላት እቲ ማሕበር ግቡኦም ክፍጽሙን መሰል ክረኽቡን ተገይሩ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ መንግስቲ ኣብ ኣተሓሕዛ ስንኩላን ንጹር ዝኾነ ፖሊሲ ስለዘኽተለ፡ ንወጻኢ ሃገር ክኸዱ ዕድል ምስ ዝረኽቡ ናጻ ኤግዚት ቪዛ ክወሃቦ ኣፍቂዱ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣተሓሕዛ ስንኩላን ንኸብርኽን ብቐጻሊ ጎስጓስ የካይድ ኣሎ። እቲ ናይ ምንቃሕ መደባት ኣብ ባይታ ንምትግባር ድማ፡ ብደረጃ ዞባ፡ ንኡስ ዞባን ምምሕዳራትን ወሃብቲ ሓበሬታ ኣሰልጢኑ ኣሎ።

እዞም ስንኩላን ዜጋታት፡ ካብ መዋእሉ ህጻናት ክሳብ ዕድሚኦም 18 ዓመት ዝኣክል ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ እዮም ተሓቝፎም ዝጸንሑ። ብድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ገደብ ዕድመ ግን፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክሓቝፎም ስለዘይክእል፡ እቶም ብልዑል ሓልዮትን ናብዮትን ኣብዚ ደረጃ ዝበጽሑ ዜጋታት፡ ዝቕጽል ጉዕዞ ህይወቶም 'እንታይ ይኸውን' ዝብል ሕቶ ብደረጃ መንግስቲ፡ ማሕበር፡ ሕብረተ-ሰብን ወልቀ-ሰባትን ግድን መልሲ ክርከቦ ይግባእ።

እዞም ዜጋታት እዚኣቶም፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፉ ጸኒሖም ኣብ መንጎ ከቋርጹ እንከለዉ፡ ኑቲ ክተጸደለም ዝጸንሐ ጻዕሪ ንድሕሪት ዝመልሰን ተሰፋ ዘቖርጽን እዩ። ስለዚ፡ መንግስታውያን ኣካላት ይኹና ውልቀሰባት፡ ነዞም ኣካል ናይዚ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ስንኩላን ወገናት መጻኢ ህይወቶም ውሑስ ዝኾነሉ ባይታ ከጣጥሕሎም ግዴታ ኣለዎም። ሓደ ካብ'ቶም ዝ. ተገዚቦም ሓላፍነቶም ዝዋጽኡ ዘለዉ ብኣብነት ዝጥቀሱ ውልቀሰባት ከኣ ቖሺ ይትባረኽ ሃብተ ዝተባህሉ ዜጋ እዮም። እዞም ግዱስ ኣቦ ብዝተዋህቦም ን10 ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ መንእሰያት ሞያ ክምህርዎምን ብኡ ኣቢሎም ዕድል ናይ ስራሕ ክፈጥሩሎምን ብዘቕረብዎ ሓሳብ፡ ደሮ ሚከኤል የማነ ዳኒኤል ተኸለሃይማኖትን ዝተባህሉ መንእሰያት ተጠቂሞም እቲ ዕድል ኩይናም ኣለዉ።

ወላዲት መንእሰይ ሚከኤል - ወ/ሮ ብርሃና ኣበደ፡ ንወላዲ ብዘጋጠሞ ሃንደበታዊ ስንክልና ከይተሰናበደት፡ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ በጺሑ ንኽትርእዮ ወትሩ እትጽዕር ኣደ እያ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ድማ፡ ኣቐዲማ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፍ ዕድል ከፈታትላ። ብዘይካ'ዚ፡ መታን ንኣካላዊ ምንቅስቓስ ክሕግዞን ከጠንኦ ብዮሐንስ ክፈልጥ፡ ኣብ ከም ሊስትሮ፡ ጸጉሪ ብኾዐታን ሸቀጣ ሸቐጥን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሞያታት ኣትዩ በዮሐሉ ንኸየጽ፡ ተሰፋ ከይቁረጸት ኣብርቲዓ ክትሰርሕ ጺሪሓ፤ እንተኾነ መንእሰይ ሚከኤል ብዮሐንስ ክዘረብ ዘይክእል፡ ገዛዚበ ይኹን ዋጋታት እቶም ዝሸጦም ናውቲ ብልክዕ ስለዘይፈልጦ፡ ኣብ ንጥፈታት ሸቐጣሸቐጥ ተዋፊሩ እንከሎ ብዙሕ ሸገራት የጋጥሞ ነይሩ። እታ ወትሩ ካብ ጎድኑ ዘይትፍለ ወለዲቱ ወ/ሮ ብርሃና ግን ወላዳ እቲ ዝረኸቦ መኽሰብ ብዘየገድስ ኣብ ገዛ ብዘይ ስራሕ ከይወዕል ምሕር ሰግኣት ስለዝበሮ ዝርዝር ዋጋታት እቲ ዝሸጦ ንብረት ኣብ ወረቐት ኣሰፊራ ብምሃብ፡ ኑቲ ስራሕ ከም ዝቕጽሎ ትገብር ነይራ።

ንሱ፡ ንስንክልና ሰዒሩ ኣፍሪዩ ንኽኸውን ብዙሕ ጻዕሪታት እናኣተየደ እንከሎ፡ ገለ ሕልና-ኣልቦ ዝኾኑ ውሑዳት ወልቀ-ሰባት ንስንክልናኡ ብምምዝማዝ፡ ካብቲ ግቡእ ክፍሊት ኣጉዲሎም ይህብዎ ነይሮም። ብኣንጻሩ'ዚ፡ ካልኦት ሰብ ሕልና ክኡ ንኽተብዕውም ክደግፍዎን ኣለዉ፡ ካብቲ ግቡእ ዋጋ ወሲኾም ይህብዎ ነይሮም። ወላዲቱ ዋላ'ኳ ወላዳ ከሰሩ ይመጽእ እንተነብረ፡ ከሉ ግዜ 'መርሓባ' ኢላ ብምቕባል፡ ብኸመይ ምስ ሕብረተሰብ ይዋሳእን ህይወቱ ይመርሕን ጥራይ'ዩ ዘገድሳ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ነቲ ዘይሕለል ጻዕራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ መንእሰይ ምስ'ቶም ናጻ ናይ ስራሕ ዕድል ዝኸፈቱ ቀሺ ይትባረኽ ከራኽቦ ክኢሉ።

ብሰንኪ ባህሪ ናይ'ዚ ስንክልና፡ እዞም ስንኩላን ብጥበእ ክመልክዎ ኩነ ክፈልጥዎ ኣብ ዘይክእሉ ስራሕ ጠቢቖም ክየጹ ይሸገሩ እዮም። ብፍላይ እቲ ስራሕ ሞያዊ እንተዘይኪዩኑ ወይ ድማ ኣብቲ ስራሕ ተወዳዳሪ ምስ ዘይህልዎም፡ ኣብቲ ዝተዋፈርሉ ሞያ ኣተኩሮም ክሰርሑ ይጸገሙ እዮም። መንእሰይ ሚከኤል ግን ድሕሪ ኣብ ብዙሕ ሞያታት ምስታፉ፡ ምስ ኮምፒዩተር'ውን ቅሩብ ሌላ ክንበር ስለዘኸኣለ፡ ብእንዳ 'ፎቶ ፈሊ' ኣብ ዝፍለጥ - ኣብ ከባቢ ማርካቶ ዝርከብ ቤትጽሕፈት ተዋፊሩ ክሰርሕ ምስ ጀመረ፡ ኑቲ ሞያ ቀልጢፉ ተቐቢልዎ። ደሮ'ውን ምትዕርራይ ስእሊ ወይ ፎቶ-ሾፕ መሊኹ ኣሎ።

ሓደ ካብ ግዱሳት ዜጋታት ዝኾኑ ቖሺ ይትባረኽ፡ ዚ. ሰናይ ተበግሶ ሕልናውን መንፈሳዊን ዕጋበት ንኽረኽቡ ኢሎም'ዮም ወሲደሞ። "ዝም ደቀይ ገዛዚብ ክህቦም'ኳ ዘኽእል እንተኾንኩ፡ 'ኣብ ስራሕ ብምስታፍ ኣፍረይቲ ኩይናም ካብ ተጸባይነት ሓራ ክኾኑ ኣለዎም' ብምባል'የ ኑቲ ሓሳብ ኣበጊሰዮ" ድማ ይብሉ። እዞም ደቂ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ስንኩላን ኣካል'ዚ ሕብረተሰብ እዮም። መንግስቲ፡ ማሕበራት፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ግዱሳት ውልቀሰባት ድማ ብፍላይ ተቐቢሎም ክሕብሕብዎም ይግባእ። ከምቲ ጭርሖ እዚ ማሕበር ዝብሎ፡ እዞም ስንኩላን 'ፍቕርን ወፍርን' እንተ ተገይሩሎም፡ ኑቲ ዝተሓንጸጸ ሹቶ ከይውቃዕ ዝኽልክሎ ሓይሊ የለን።



ወ/ሮ ብርሃና ኣበደ

ከምቲ ናይ ቖሺ ይትባረኽ ሃብተ ተበግሶ፡ ቀደሚ ሕጂ'ውን ግድስቲ ስ-ጥባዖዊት እየርሳሌም ዘርኣይ፡ ንኣሰታት 25 ስንኩላን ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ሚክኣፕ ትምህርቲ ሂባ ነይራ። ከምኡ'ውን ስ-ጥባዖዊ ሙሴ ዕቁበ፡ ንስንኩላን ናጻ ዕድል ትምህርቲ መዚቃ ናይ ምሃብ መደብ ኣዳልዩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ፋብሪካ ዓለብ ዛኤር (ዶልቾ ቪታ)፡ ኣብ ጉልበታዊ ይኹን ሞያዊ ስራሕ ክሰርሑ ንዘኽእሉ ስንኩላን ክቕበል ከምዝኽእል ድልውነቱ ኣረጋጊጹ ኣሎ። እዞም ዜጋታት ተኣሊዮቲ ዘይኮኑ፡ ኣፍረይትን ኣብ ህንጻት ሃገር እጃሞም ዘበርክቱን ክኾኑ'ዩ ዝግብኦም። ብፍላይ ጾር እዞም ስንኩላን ኣብ እንግደዓ ኣደታት ስለዘኾነ፡ እዘን ኣደታት ንኸዕርፋ ኩላትና ኣደይ-ኣደኻ ክንብል ይግባእ።

ኩሉ ሰብ ክንግዝኦ ዝግበኡ ማሕበር እንተኾነ፡ ወለዲ ንጥዕና ደቆም ቀዳምነት ብምሃብ ሎሚ ከይተሓለሉ ክጽዕሩ ይግባእ። ተጸሊዖን ኢንታን ሰጊኦም ንውላዶም ኣብ ቤቶም እንተሓብኦም ግን ንዘገደደ ጥዕናዊ ጸገማት ክቃልዑ ምኽኖም ክየገዝቡ ይግባእ።

ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ኣብ ዓመት ሰለስተ ዓበይቲ ኣህጉራውያን በዓላት ኣለዋ።



መንእሰይ ሚኪኤል የማነ ኣብ ቦታ ስራሕ

ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ደፋኢ ሓይሊ'ምበር ፈጻሚ ኣካል ኣይኮነን። ማሕበር፡ ነዞም ዜጋታት ማዕረ ዕድላትን መሰላትን ንኽረኽቡ ስትራተጂ ኣውጺኡ ኣሎ። የግዳስ እቲ ኣተግባሪ ኣካል ኣብርቲዑ እንተ ዘይሰሪሑ፡ ኣዕጋቢ ወጽኢት ክርከቦ ኣይክእልን'ዩ። ንኣብነት፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናጻን ቀዳምነት ዝህብን ጥዕናዊ ክንክን ኣዋዲዱ እኳ እንተሃለወ፡ እቲ ኣገልግሎት ግን ኣብ ኦሮታን ሓዝሓዝን ጥራይ'ዩ ተሓጺሩ ዘሎ። ስለዚ፡ ኩለን ትካላት ጥዕና ሃገርና መታን ተግባራዊ ክገብረኦ ኣብ ባይታ ሓያል ስራሕ ክሓትት እዩ።

ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ቀንዲ ኣተኩሮኡ ኣብ ውዳበን ጎስጓስን እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ዝጸንሐን ዘሎን ግጉይ ኣመለኻኽታ ንምሕኻኽ፡ ፈለማ ስድራቤታት ምስቲ ስንክልና ንዝነብሩ ደቆም ከይሓብኡ፡ ብዛዕባ ስንክልናኦም ብናጻ ንኽሕብሩ ቀጻሊ ጎስጓስ የካይድ። መንግስታውያን ኣካላት ድማ ኣብቲ ጉዳይ ኣጠማምትኦም ንኽልወጥ ማሕበር ኣተኩሩ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኩላትና ከም እንርድኦ፡ ሕብረተሰብና ርህሩህን ቀልጢፉ ዝርዳእን እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ'ዞም ስንኩላን ዘሎ ናይ ኣረኣእያ ንቕሓት ብዘያዳ ክዕበርኽን'ዚ. እዞም ኣቐዲምና ዝተቐሰናዮም ግዱሳት ዜጋታት ዝወሰድዎ ተበግሶ ካልኦት'ውን ክስዕብዎ ይላቦ። እዞም ስንኩላን ኣካል'ዚ ሕብረተሰብ ብምዃኖም፡ ኣፍረይቲ ዝኾኑሉ ውሑስ ባይታ ምፍጣር እቲ ተሪፍና ዘሎ ዝዓበየ ዕማም እዩ።

ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘጋጠሞም ህጻናት፡ ስንክልናኦም ገና ብህጻናም እንከለዉ ተለልዩ፡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ክረኽቡ እንተኽኢሎም፡ ለውጢን ምምሕያሽን ክርእዩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዓለምና፡ እዚ ስንክልና'ዚ ኣጋጠምዎም ክንሱ፡ ብቑዕ ኣገልግሎት ሕክምና ብምርካቦም ኣፍረይትን ኣበርከትትን ዝኾኑ ውሩያት ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። ቁጠባዊ ኩነታት ስድራቤታት፡ ዋላ'ኳ እቶም ህጻናት ብቐጻሊ ናብ ሕክምና ንኽመላለሱ ዘጸግም

21 መጋቢት መዓልቲ ዳውን-ሲንድሮም፡ 2 ሚያዝያ መዓልቲ ኦውቲዝም፡ 6 ሕዳር ድማ መዓልቲ ሰረብራላዊ መልመስቲ የኽብር። ስንኩላን ቁልዑ ኑበሶምን ስድራቤቶምን ንኽኣልዩ፡ ኑበሶም ክኢሎም ኣፍረይቲ ዜጋታት ንክኾኑ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ኣሎ። እቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኣብ ባይታ ዝጭበጥ ዓወት ክሕፈሶ እንተኾኑ ግን፡ ኣበርክቶ መሻርኽቲ ኣካላት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዝካየድ ንጥፈታት ብሕብረት ክሰላሰልን ክሕየልን እንተኸኢሉ፡ ዝተተለመ ሸቶታት ንኸይውቃዕ ዝዕቅጽ ሓይሊ ከቶ ኣይክህሉን እዩ።

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠትም ቡ.ያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | Tech Insight |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:50 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ሄሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊ.ትፊልም ሸምዓ ለይቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባርንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኣድእት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ሓሳባት

<u>ሲራክ ክፍለ</u>

<u>መበል 47 ክፋል</u>

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ "እቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓ.ኢ. ኣርእስቲ፡ ንእቋውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማል ድሕሪ ምምልካት ናብ "እቋውማ ሃገረ ኢትዮጵያ" ሰጊርና ካብ ዘመነ ሃጸይ ምንሊክ ክሳብ ስርዓት ወያነ ተመልኪትና። ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ፡ ሕማም ምስፍሕፋሕ ግዝኣት፡ ንጣ ኤርትራ ዘሰዓበ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውናን ድሌትን ደገፍ ምዕራባውያን መሻርኽቲም ኣብዚ ጉዳይ'ዚን ድማ ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

## ሕልሚ ዓባይ ትግራይ

ሕልሚ ዓባይ ትግራይ፡ ኣብ 1974/1975 ወያነ ቃልሲ ካብ ዝጀመሩ ብጮቕ ዝብል ዝበረ ጉዳይ'ዩ። እዚ ሕልሚ'ዚ ክትግበር ግን ሓደ መሰረታዊ ሕቶ ክምለሽ ኣለዎ፡ ትግራይ ማለት እንታይ እዩ? ትግራይ ዝበሃል ህዝቢ መን እዩ? ትግራይ ዝበሃል ቦታ ካበይ ናበይ እዩ? ህዝቢ ትግራይ ካብ ካልኦት ኢትዮጵያውያን እንታይ ይፈልዮ? ኣብ ምንታይ ተሞርኲሶ እዚ'ዩ ሕጋዊ ዶብ ትግራይ ክትብል ትኽእል? ዝብል ሕቶታት ዝተሓሰበሉ ኣይመስለን።

እዚ ሕቶ'ዚ ንምምላሱ ገለ የዋሃት ካብ ንግስነት ኣኽሱም ክሳብ ኣሽሓት ዓመታት ንድሕሪት ይምለሱ እዮም። ገለ ከኣ "ትግራይ፡ ሃጸይ የሃንስ ዝቖጻጸሮ ዝበረ መሬት'ዩ" ይብሉ። መራሕቲ ወያነ ከኣ ነቲ ሃጸይ ሃይለስላሰ ዝሓንጠጦ ውሽጣዊ ምምሕዳር ጠቕላይ ግዝኣት ከም መበገሲ ወሲዶም፡ ካብኡን ካብትን ሰጊሖ ዝበልዎ መሬት መሓዝያም፡ እዚኣ እያ ትግራይ ይብሉ።

እቲ ካብ ንግስነት ኣኽሱም ወይ ቅድሚኡ ዝበል ዘረባ፡ ከም ቁም ነገር ወሲዱ ዝቕበሎ ዳርጋ የለን። ሃጸይ የሃንስ ዝቆጻጸሮ ዝበረ ክበሃል ዝበል'ውን ሓሓሊፉ እንተዘይኮይኑ ዝተረኽበ ይመስል። እቲ ዘርብ መራሕቲ ወያነ ዝኣልዎ ካርታታት'ዩ። ንሶም ዝኣልዎ ካርታታት ሓንሳብ ቀይሕ-ባሕሪ ዝጸሕ፡ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ዶብ ኤርትራ ዘኽብር ኮይኑ፡ ሓይሊ ክስመዮም እንከሎ ዘማሕዎ፡ ክጽልምቶም እንከሎ ዘጽብብዎ'ዩ። ኣህጉራዊ ሕጊ ስለዘየገድሶም፡ ኣብ ዘዘሓለምዎ እዋን ሓድሽ ካርታ ክሕትሙ ጸገም ኣለወ። ስለዚ በቲ መራሕቲ ወያነ ብኢድ-ዋኒኖም ዝኣልዎ ካርታታት'ውን እንተኾነ መሬት ትግራይ ብንጹር ካበይ ናበይ'ዩ ምባል ኣሸጋሪ'ዩ።

ኣብ ዝርዝር ቅድሚ ምእታውና፡ ፈለማ ዶብ እንታይን መዓስን እዩ ጀሚሩ ክንድህስስ፡ ዶብ ዝብል ኣምር ብቐንዱ፡ ምስ ምቛም ዘመናውያን ሃገራት ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ዝተቐልቀለ፡ ኣብ መንጎ ልኡላውያን ሃገራት ዝሕንጠጥ ብሓባራዊ ውዕል ዝጸድቕ መፈላለዪ መስመር እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋት ብሰፊሑ ከምዝረኣናዮ፡ ዶባት ሃገራት ኣፍሪቃ ብኤውሮጳውያን ግዙኣት ዝተሓንጸጸ'ዩ። እዚ ዶባት'ዚ፡ ምስ ኩሉ ድኽመቱ፡ ኣህጉራዊን ኣፍሪቃዊን ተቐባልነት ዘለዎ እዩ። ዝቕየር ከኣ ኣይኮነን።

ሃገራት ነቲ ኣህጉራዊ ተቐባልነት ዘለዎ ሃገራዊ ዶብ ከይተንከፋ፡ ኣብ ውሽጢ ግዝኣተን ንምምሕዳር ብዝጥዕመን መልክዕ ምምሕዳራዊ ዞባታት ወይ ክልላት ወይ ጠቕላይ-ግዝኣት ከምስርታ


# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ይኽእላ። ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ንመጀመርያ ግዜ ንጹር ምምሕዳራዊ ክፍልታት (ጠቕላይ ግዝኣት) ዝመስረተ ሃጸይ ሃይለስላሰ'ዩ። ቅድሚ ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ ይኹን ኣብ መሬት ንጹር ዶብ ዘለዎ ምምሕዳራዊ ክፍሊ ኣይነበረን።

ከምዝፍለጥ ንሃጸይ የሃንስ ዝገዝኡ ነገስታትን ራእሰታትን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት፡ እንተላይ ካብ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ወጻኢ ነይሮም እዮም። እዞም ነገስታት/ራእሰታት እንተላይ ሃጸይ የሃንስ ግን፡ መሬትና ዝበልዎ ብንጹር ዝፍለጥ ቦታ ኣይነበረን። ናይ ቀደም ነገስታት ህዝቢታት እናወረሩ ዘዝብዑ ብምዃኖም ኣብ ዶብ ኣይኣምኑን እዮም። ንመጀመርያ ግዜ ዶብ ናይዛ ሎሚ ኢትዮጵያ ትበሃል ዘላ ሃገር ዝተሓጸረ እምበኣር፡ ኣብ ግዜ ሃጸይ ምንሊክ'ዩ። ሃጸይ ምንሊክ ግን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ምምሕዳራዊ ዶባት ኣየቖመን። ንመጀመርያ ኣብ ካርታ ንጹር ጠቕላይ-ግዝኣት ኢሉ ዝሓንጠጠ ሃጸይ ሃይለስላሰ እዩ። ንኢትዮጵያ ኣብ 13 ጠቕላይ ግዝኣት መቐሊዋ፡ ንኤርትራ ምስ ኀበጠ ከኣ መበል 14 ገይሩዋ። ደርግ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ፈለማ ነቲ ናይ ሃጸይ ሃይለስላሰ ምምሕዳራዊ ጠቕላይ ግዝኣት ከምዝለዎ'ዩ ተጠቒሙሉ። ብወግዒ ኤርትራ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ግን፡ ምምዕርራይ ካርታ መድሓኒ ዝኾኖ መሲልዎ ምቅይያራት ገይሩ። መንግስቱ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ሰማንያታት ንኤርትራ ኣብ ክልተ፡ ነተን ዝተረፋ ከኣ መቓቒሉ 30 ዝኾና 'ናጻ ዞባታት' መስሪቱ ነይሩ።

ሃጸይ ሃይለስላሰ ንኤርትራ ክኹብጣ እንከሎ ነቲ ሕጋዊ ዶብ ኤርትራ ኣይተንከፎን። መንግስቱ'ውን ኣብ መጀመርያ ከም ዘለዎ እዩ ተቐቢልዎ። ምቅይያር ምስገበረ'ውን ንደብባዊ ምዕራብ ኤርትራ ኣይተንከፎን። ቀንዲ ኣቓልቦኡ ዓሰብ ምምንዛዕ ስለ ዝበረ ነቲ ደብባዊ ምብራቕ እዩ ቀይሩዎ። ሃጸይ ሃይለስላሰ ይኹን መንግስቱ ካብቲ ንኣየም መሬት ኢትዮጵያ ዝበልዎ (ኤርትራ ሓዊስካ) ወጻኢ መሬት ጎረቤት ኣይፈቐዱን።

ኣብ ማንነት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ዶብ ብኣህጉራዊ ሕጊ ዝግዛእን ድሮ'ውን ሕጋዊ መዕለቢ ስለዝተገበረሉን ብዝዕባኡ ምጽሓፍ ኣየድልን። ኣብቲ ውሽጣዊ ምምቕቓል ከተተኩር።




ካርታ ኢትዮጵያ ኣብ ግዜ ወያነ

ወያነ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ኤትኒካዊ 'መጸናዕቲ' ጊርና ብምባል 9 ምምሕዳራዊ ክልላት ኣቒሞም፡ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ከኣ ናጻ ሕጋዊ ከተማታት ክኾና ወሲኖም። ወያነ ዝመስረቶ 9 ክልላት፡ ብ68 ዞባታትን 550 ወረዳታትን፡ ፍሉያት ወረዳታትን ዝቖመ እዩ። ናይ ወያነ ፍሉይ ዝኾነ፡ እቲ ሓድሽ ካርታ ኢትዮጵያ መሬት ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ'ውን ስለ ዝኾበጠ እዩ። ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከም'ቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝሓንጠጦ ዘይኮነ፡ ብሸነኽ ትግራይ መሬት ኤርትራ ዝጸንበረ እዩ።

ንትግበር ሕልሚ ዓባይ ትግራይ መራሕቲ ወያነ ፈደራላዊ ዝበልዎ ስርዓት ምምስራትን ኣብ ኢትኒክ ዝተሃንጸ ክልላት ምቛምን እዮም መሪጾም። እዚ 'ሓድሽ ሓሳብ' ፈደራላዊት ኢትዮጵያ፡ ብዋዕባሪ ንገለ ኢትዮጵያውያን ምሉእ ዜጋ ንገለኦም ከኣ "ኢጋር" መሻርኽቲ (ካልኣይ ደረጃ ዜጋ) ዝገብር እዩ። እዚ ፈደራላዊ ቅዋም ኢትዮጵያ ብ8/12-1994 ብ547 ኣባላት ቅዋማዊ ባይቶ ዝጸደቐ'ዩ። ብኸመይ?

ኢህወደግ ብደገፍ ህዝባዊ ግንባር ብ28/5/1991 ኣዲስ ኣበባ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ኣብ ሓምለ 1991 ገለ 20 ዝኾኑ ኤትኒካዊ ጉጅለታት ዝበሎም ብምዕዳም ሃገራዊ ዋዕላ ኣዳልዩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ሃገራዊ ዋዕላ ምግባሩ፡ ሰብ ገና ኣብ ፍርሒ እንከሎ ተዳልዩ ዝጸንሐ መደባት ብቕልጡፍ ንምትግባር ይመስል። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ናይ ናጽነት ምንቅስቓሳት ነይረን'የን። ይኹን እምበር ካብተን 20 ኤትንካዊ ጉጅለታት ዝበዝሓ ዝጠዝዛ ብወያነ ዝምሕጭሓ እየን። ኣብቲ ዋዕላ ኣብ ወጻኢ ዝበሩ፡ ኤትኒክ ጉጅለ ዘይወክሉ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ከይሳተፉ ተኣጊዶም። ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝበሩ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ከይሳተፉ ምእጋድ፡ ዕላማኡ ንጹር'ዩ ነይሩ። ኣብ ኤትኒክ ዝተመርኮሰ ስርዓት ንምትካል።

ወያነ መሪጹ ዝዓደሞም ተሳተፍቲ ዋዕላ ነቲ ተዳልዩ ዝጸንሐ ግዝያዊ ቻርተር ብምጽዳቕ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ኤትኒክ ዝተመርኮሰ ፈደራላዊ ስርዓት ክተቐውም ተሰማሚዖም። 87 ዝኣባላታ ማእከላይ ሽማግለ ድማ ኣቑሞም። ካብዚ እቲ 32 ንኢህወደግ ዝተሓዝአ ነበረ። ኢህወደግ ካብ 87 መናብር ማእከላይ ሽማግለ 32 'ጥራይ' ምሓዙ ብምዕዶ ንዝርኢ ሓደ ስልሲት ይመስል። ብምሉኡ

ግን እቲ ዝተረፈ 55 ኣብተን 20 ዝኾና ኤትኒካዊ ጉጅለታት ተመቓቒሉ 2-3 ሰድያ ከምዝረኽባ እዩ ተገይሩ።

ኣብቲ ሰዒቡ ዝመጸ ኣዋርሕ ክልላት ብኸመይ ይቖማ ዝብል ሕቶ፡ ኣብ መንጎ ወያነን ኦነግን ዓቢ ግርጭት ፈጢሩ። ክልተ ብዘራውያን ውድባት፡ ወያነን ኦነግን፡ ኣየናይ መሬት ኣበየናይ ክልል ይኹን ክረዳድኡ ኣይከኣሉን። እንተኾነ ብሸፈጥ ወያኔ፡ ማእከላይ ሽማግለ ኢትዮጵያ ኣብ 12 ክልላት ክትምቀል ብጥሪ 1992 ወሲኑ። በዚ ድማ ኢትዮጵያ ናብ ኩናት ሓድ-ሕድ ኣምሪሓ። እቲ ዝተወልዐ ኩናት ሓድ-ሕድ ኣሰጋኢ መኣዝን ክሕዝ ምስ ጀመረ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሽምግልን ደው ኣበልናኦ። በቲ ሽምግልና መሰረት ከኣ ኣብ ሰነ 1992 ምርጫ ክግበር ተሰማሚዖም። ምስ ምምጻእ ወያነ ኣብ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ዝኸቐተ ኩናት ሓድሕድ ከይትሸመም፡ ወያነን ኦነግን ግርጭቶም ብሰላም ክፈትሑ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።

ድሕሪ'ዚ ዕርቂ'ዚ ወያነ ዳርጋ ንመላእ ኢትዮጵያ ብሾርሕን ምፍርራሕን ተቖጻጺሩ፡ ንምርጫ ቅርብቲ ኮይኑ። ን21/6-1992 ድማ ምርጫ ክካየድ ወሰኑ። ኦነግን ካልኦት ፖለቲካዊ ውድባትን ምድላዋት ኣየጻፈፍናን ብምባል ምርጫ ክተሓላለፍ ሓቲቶም። ወያነ ዕጭ ኢሉ፡ ኦነግን ካልኦት ውድባትን ስለዘይተሳተፉ ከኣ ወያነን ደገፍቱን ንሓድ-ሕዶም ተወዳዲሮም። ኢህወደግ ካብ 1147 መንበር 1108 መናብር ብምስዓር፡ ብ96.5% ተዓዊቱ ተባሂሉ። በዚ ከኣ ኢህወደግ (ወያነ) መሲጋገሪ መንግስቲ ኣቑሙ፡ ቅዋም ትኣድፍ ኮምሽን መዘዘ። ኣብ ንድፊ ቅዋም ዝዘቲ ብምፍርራሕን ታህዲድን ዝተሰየ ኣኼባታት ህዝቢ'ውን ተኻዩዱ። ተቓወምቲ ሓይለታት ፈለማ ኣብ መጋቢት 1993 ኣብ ፓሪስ፡ ኣስዒቦም ከኣ ኣብ ታሕሳስ 1993 ኣብ ኣዲስ ኣበባ "ናይ ሰላምን ዕርቅን ዋዕላ" ጸዊዖም። ዕላማ እቲ ዋዕላ ንኹሉ ዘሳትፍ ግዝያዊ መንግስቲ ምቛም ነበረ። ኢህወደግ (ግዝያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ) እውን ኣብቲ ዋዕላ ክሳተፍ ዓዲሞም። ወያነ መንግስቲ እናሃለወ ግዝያዊ መንግስቲ ኣየድልን'ዩ ብዝብል ነጺጉዎም። ተቓወምቲ ኣመሪካ ክትሸምግሎም ጸዊዖም፡ ኣብ ለካቲት 1994 ከኣ ምስ ጂሚ ካርተር ተዘራሪቦም። ኢህወደግ ምስ ጂሚ ካርተር ዘዘርብ ምኽንያት የብልናን ኢሉ ዕጭ ስለዝበሉ ከኣ ኣይሰመረን።


ብ5/6/1994 ሃገራዊ ቅዋም ዘጽድቕ ባይቶ ንምቛም ምርጫ ተኻዩዱ። ኣብዚ ምርጫ'ዚ እተን ካልኦት ፖለቲካዊ ሓይልታት ኽሳተፉ ዝርርብ ተኻይዱ፡ ኣይተዓወተን። ዳርጋ ኩሎም ኣይንኣፈልን ኢሎም፡ ኢህወደግን ሰዓብቱን ተወዳዲሮም፡ ካብ 547 መናብር 484 መናብር (88%) ኢህወደግ ሰዒሩ። ዓብላሊ ድምጺ ኣብ ዘለዎ ባይቶ ከኣ ብዘይ ብዙሕ ለውጥን ተቓውሞን ብወያነ ዝተነድፈ ፈደራላዊ ቅዋም ኢትዮጵያ ብ8/12/1994 ጸዲቑ።

ካልእ ኣዛራቢ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ ኢህወደግ ዝበረ ኣቃውማ ኣባላትን መሻርኽትን እዩ። ብውሽጣዊ ቅዋም ኢህወደግ መሰረት፡ ኣርባዕተ ክልላት ኣባላት ክኾና እንከለዋ እተን ዝተረፉ 5 ክልላት ከም መሻርኽቲ እየን ዝፍለጣ። መሻርኽቲ ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ኢህወደግ ከም ተዓዛቢቲ ክሳተፉ ይፍቀደሎም። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ሓደ ኢትዮጵያዊ ክሳብ ክንደይ ብቑዕን ንፉዕን ወፋይን ምኳኑ ብዘየገድስ፡ ካብ ክልል ትግራይ፡ ኦሮሞ፡ ኣምሓራ፡ ደቡብ ህዝቦች ዘይመጸ እንተኾይኑ ናይ ኢትዮጵያ ቀዳማይ ሚኒስተር ክኸውን ጨሪሹ ኣይክእልን ማለት እዩ።

መራሕቲ ወያነ ንሓዋሩ ኣብ ስልጣን ንምጽናሕ ቅዋም ኢትዮጵያን ቅዋም ኢህወደግን ከም ዝጥዕሞም ገይሮም እዮም ጽሒፎሞ። እቲ ናይ ርሑቕ ዕላማ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ምትግባር እዩ።

ኣብ 1994 ኣብ ኢትዮጵያ ብዝተገበረ ቆጸራ ህዝቢ መሰረት ካብ 36% ኢትዮጵያውያን ካብ ክልል ኦሮሞ ኮይኖም፡ 26% ካብ ክልል ኣምሓራ፡ 30% ካብ ክልል ደቡብ ህዝቦች፡ 6% ካብ ክልል ትግራይ እዮም። እዘን ኣርባዕተ ክልላት ብዙሓ ህዝቢን ብዘየገድስ ብማዕረ ድምጺ ገርትን ሓደግትን ክኾና እዩ ቅዋም ኢህወደግ ዘፍቅደ። ብዘኾነ ይኹን መዐቀኒ ከምዚ ዓይነት ዝንበዕ ኣተሓሳስባ ፈደራላዊ ስርዓት ኣይተራእየን። መራሕቲ ወያነ ግን እዚ ዘይፍትሓዊ ምቅሊት ስልጣን'ውን ኣየዕገቦምን። ነተን ሰለስተ ክልላት ማለት ኦሮሞ፡ ኣምሓራ፡ ደቡብ ህዝቦች እውን ብናቶም ሰባት ከመሓድሩወን እዮም ወሲኖም። ክሳብ 2018 ከኣ ብስማዊ ፈደራልነት ነታ ሃገር ኣመሓዲሮማ።

ወያኔ ህዝቢ ኢትዮጵያ ገና ድሑር ህዝቢ ብምዃኑ፡ ብኤትኒክ እንተዘይኮይኑ ብማሕበራ-ፖለቲካዊ ቁጠባዊን መገዲ ክውደብ ኣይክእልን እዩ ብሃልቲ እዮም። ካብዚ 'እምነት'ዚ ብምብጋስ ነታ ሃገር ኣብ ኤትኒክ ብዝተሃንጸ ክልላት መቓቒሎም ምርጫ ኤትኒካዊ ክኸውን ሃንዲሶሞ። ኣብዚ ስርዓት ምርጫ መራሕቲ ወያነ ወከልቲ ህዝቢ ትግራይ ኢና እዮም ዝብሉ። እቲ ዝተረፈ ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን ንወያነ ከም ወከልቲ ረብሓ ትግራይ እዩ ዝርእዮም። ብኤትኒክ ኣብ ዝተሃንጸ ስርዓት-መንግስቲ፡ 6% ጥራይ ዝውክል ጉጅለ ን25-27 ዓመታት ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ኣይክእልን'ዩ። እቲ ዘርም እዚ ንእሹተይ ጉጅለ'ዚ 5 ግዜ 'ናጻን ርትዓውን' ደሞክራሲያዊ ምርጫታት ኣካይደ ምባሉ እዩ። እዚ ንእሹቶ ጉጅለ ኣብ ኤትኒክ ብዝምርኮሰ ምርጫ ልዕሊ 90% ድምጺ እናረኸበ ክዕወት ዓሚጹ እዩ ኢልካ ምሕላፉ እኹል ኣይኮነን፡ እዚ ዓመጽ'ዚ ዘፍቀደ ኣገባብ ምርጫ'ኳ የድሊ። እዚ ንምርዳእ ከኣ ወያነ ዝመስረቶም ክልላት ከመይ ይመስሉ? ኣበኡ ዝሰፍር ህዝቢ'ኸ? ምድህሳስ ሓጊዚ እዩ።




ናይ ሃጸይ ሃይለስላሰን ደርግን ካርታ ኢትዮጵያ

**ይቕጽል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መጎት ከሳሲ. ታምኣይል (ማሊንዲ) ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር ተኸሰስቲ 1.ሼል (ማሊንዲ) ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር +1 ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ ተኸሰስቲ 1.ሼል (ማሊንዲ) ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር 2.ኣጂፕ (ማሊንዲ) ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር ተኸሰስቲ ትካላት ኣድራሻኦን ኣብ ወጻኢ. ሃገር ስለዝኾነ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይ ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ክፍልጥ።

ኣነ ወ/ሮ ማኪዳ ኒጋሽ ኢያሱ ብስም ኣደይ ኖፍሰዜር ራካ ሳርቶሪ ጅኖ ብቁ/ ምስክር ወረቐት 100237 መወከሲ. ቁጽሪ 400287 ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ መንደፈራ ናይ ዝርከብ ገዛ ብኮምሺን ኣባይቲ ዝተዋህበ ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል ሰብ ምስ ዝህሉ ብቁ/ ስልኪ. 07331240 ወይ ደማ 07485376 ክሕብረኒ፣ እዚ. ምስ ዘይከውን ግና መተካእታኡ ንኸወጽእ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ማኪዳ ኒጋሽ ኢያሱ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዙጥንዳ ብመለለዪ ቁ/1BRASM018739 ዚፕ 1A192 ፕሎት 84 ፓርሰል ቁ/ፓርሰል ASP00010414 ጎደና ኣፍሉቕ ስፍሓት መሬት 250 ት.ሜ ስፍሓት ህንጻ 473.41 ዝተደኮነ ገዛ 12 ቀንዲ. ክፍሊ፣ 9 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ. G+1 ብስምና ሱሌማን ኣሕመዲን ኢማም በዓል ኣሕመዲን ኢማም ዝተመዝገበ ብምቕሊት ናብ ስምና ክሰጋገር ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ እዚ. ምልክታ እዚ. ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ. ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምኳንና ንሕብር።

ሱሌማን ኣሕመዲን

## ሓበሬታ



- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡

ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ. ንግሆ 8:00 -12:00፣ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ፡ ብቁ. ስልኪ. 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ሰቕታ ጎዳኢ. እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ. ንዘራረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ፈረጅ መሓመድ ዐሶማን ምባል ተረፉ፡ ያቆብ ተወልደ መሻሾ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቁ.41 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጳውሎስ ሃይለ ተስፋጽዮን ምባል ተረፉ፡ ጳውሎስ የሴፍ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ. ዓዲሸኻ

ከሳሲ. ጉብረምካኤል ዳኒኤል፡ ተኸሳሲት ሰምሃር ማእከሉ፡ በዓልቤትኪ. ናይ ሓዳር ክሲ. ኣቕሪቡልኪ. ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኑር ብእምነት ጉብሬስ ንናይ ጓል ሰወእ ሓው. ዝኾኑት ንዕማ ክናኒ. ብእምነት ዝምልከት ናይ ዘይብቑዕነት ውሳኔ ክወሃቢ. ብድሕሪኡ ድማ ሞግዚትነት ስልጣን ጓል ሓወይ ንኽወሃበኒ. ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ ዞባ ጎዳይፍ፡ ብስም መብራህቱ፡ የውሃንስ ገድለ ዝፍለጥ፡ ብዚፕ-ኮድ"1A716" ፕሎት "21" ፓርሰል part oF M" ጉ-716-6 ቁገዛ"–"መለለዩ ቁንብረት 1BRMASM016846/0 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ብመሸጣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክገብረሉ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ. ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሐዙ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

መብራህቱ የውሃንስ

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ኣምና ማሕሙድ ኣሕመድ፡ በዓል ቤተይ ተጋ/ዐሶማን መሓመድ ሱሌማን ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ. መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ. (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብትን ካብራቶን በርበረ ምስ ቀመመ፡ ደርሆን እንቋቑሖን፡ ጸባን ወጽኢቱን (ርጎ፡ መዓር፡ ሞርቶደላ)

ዓዳጊ፦ ሓይሊ. ኣየር

ኣርእስቲ ዕድጊ፡ ውዑል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ.
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሓይሊ. ኣየር ኤርትራ ንዓመት 2024 ካብ ወርሒ. 01/2024 ክሳብ ወርሒ. 12/2024 ንኣባላትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ. ኮሚቲ ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ. ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ. (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብትን ካብራቶን በርበረ ምስ ቀመመ፡ ደርሆን እንቋቑሖን፡ ጸባን ወጽኢቱን (ርጎ፡ መዓር፡ ሞርቶደላ)) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2020 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስ መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ. ሓ/ኣየር ብቑ.ስ 155506 ወይ 155500 ይወከሱ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ. ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 22/9/23 ሰዓት 9:30 ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጒዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልቲ ክሳተፍ ዝደሊ. ሰብን ስሩዕ ሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንኽዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕድጊ. ዕለት 22/9/2023 ሰዓት 10:00 ብግልጺ. ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (cpo) 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓ/ኣየር ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ. ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155506 / 155500

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ ኣሕምልቲ (ሽጉርቲ፡ ኮሚደረ፡ ድንሽ፡ ጉዕ፡ ካውሎ/ቆስጣ፡ ካሮቲ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ)፡ በርበረ ምስ ቀመመ
ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ን430 ተመሃሮ ኣባላት 34 ዙርያ ዝኸውን ቀረብ ኣሕምልትን በርበረ ምስ ቀመመን
ካብ ዓመት 2023 ካብ 1/2023 ክሳብ 31/01/2024 ናይ 5 ወርሒ. ዝኸውን ቀረብ ኣሕምልቲ (ሽጉርቲ፡ ኮሚደረ፡ ድንሽ፡ ጉዕ፡ ካውሎ/ቆስጣ፡ ካሮቲ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ)፡ በርበረ ምስ ቀመመ ኮሚቲ ስለዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ን430 ተመሃሮ ኣባላት 34 ዙርያ ዝኸውን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ. ሽጉርቲ፡ ኮሚደረ፡ ድንሽ፡ ጉዕ፡ ካውሎ/ቆስጣ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ካሮቲ በርበረ ምስ ቀመመ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2021 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ጨንፈር ኣስመራ ቁ.ቴሌፎን 153958/07180324 ክወከሱ ይኽእሉ፡ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ቅድሚ. ዕለት 29/8/2023 ክቐርብ ኣለዎ። ደንጒዩ ዝቐረበ ተቐባልነት የብሉን። ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት 29/8/2023 ሰዓት 10.00 ቅ.ቀ ብግልጺ. ይኽፈት።
7. ጨረታ መኽበሪ ተመላሲ. (bid security) ብ c.p.o ናቕፋ 20,000 (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ ብመምርሕን ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪን 430 ተመሃሮ ዝኸውን ቀረብ ኣሕምልትን በርበረን ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፡ ብምሉኡ ወይ ብ ኽፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ቤ/ጽሕፈት ኣስመራ ደንበ ሰምበል 4ይ ደርቢ.

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካል ገመል ህዝባዊ መጕዓዝያ ብርኪ. ማሕበር፡ ሰራሕተኛታት ክቖጽር ስለዝደለየ፦

1. 1.መደብ ስራሕ ——— ሓላፊ ክፍሊ. ተኽኒክ
